# ሓረስቶት ኤርትራ፡ ጥሪቶም ንመንግስቲ ክሸጡ ይግደዱ ኣለዉ

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
13.12.2009

ብ30 ሕዳር 2009 ጥሪቶም ወይ ከብቶም ንምሻጥ ኣብ ዕዳጋ ከተማ ጐሉጅ ዝተኣከቡ ሓረስቶት ብሃንደበት ብሰራዊት ተኸቢቦም፡ ጥሪቶም እናተመዝና ንመንግስቲ ክሸየጣ ዘገድድ ትእዛዝ ተዋሂብዎም። እቶም ሓረስቶት፡ ንነፍስወከፍ ጥሪት ብፍርቂ ዋግኣ ክትሸየጥ ብመንግስቲ ንዝቐረበሎም ጠለብ ስለዘይተቐበሉ ድማ፡ ኣብ መንጎ ወተሃደራት መንግስትን ኣብ መንጎ'ቶም ሓረስቶትን ኣምባጓሮ ተፈጢሩ፡ 3 ካብ'ቶም ንጹሃት ሓረስቶት ክመቱ ከለዉ፣ 15 ዝኾኑ ድማ ከምእተኣስሩ፡ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ብመሰረት፡ መምርሒ ስርዓት ኣስመራ፡ ሓረስቶት ከብቶም ብዘይካ ንመንግስቲ ንኻልእ ክሸጡ ይኹኑ፡ ናብ ዕዳጋታት ሱዳን ከእትዉ ተኸልኪሎም ከምዘለዉ ዝዝከር ኢዩ። መንግስቲ ነዚ ትእዛዝ'ዚ ዘመሓላለፈሉ ምኽንያት ድማ፡ ነተን ከብቲ ባዕሉ ናብ ደገ ሸይጡ፡ ነቲ ዝሳቐየሉ ዘሎ ሕጽረት ናይ ወጻኢ ባጤራ ንምፍኻስ ዝዓለመ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።